

**ሰዋስው ትግርኛ**
**ንጀመርቲ**

ብኣማኑኤል ሳህለ

# ሰዋስው ትግርኛ ንጀመርቲ

( ምስ መላመድን ኣጠቓቕማ እሩም ትግርኛን )

ብ ኣማኑኤል ሳህለ



**ቅጺ ሓደ**

# ሰዋስው ትግርኛ ንጀመርቲ

ብኣማኑኤል ሳህለ

ኣሳእል ብ ኣብራሃም ሳህለ

Tigrinja grammatik för nybörjare. Del 1

© Amanuel Sahle, 2013, Sweden

ንተመሃሮ ኤርትራ
ከም መዘከርታ

# ኣርእስቲ


ስለምንታይ ናይ ሰዋስው መጽሓፍ? 5

ሰም 6

ተወላጠስም 16

ቅጽል 23

ግስ 31

ዓረፍተነገር 43

እሩም ትግርኛ ተዛረብ 47




5. እንተኾነ ክትውዕል ምደለኹኻ ............ እንተ ኾነ ክትውዕል ምደለኹኻ

ኣስተውዕል፥ (እንተኾነ፡ መስተጻምር ኢዩ፡ እንተ ኾነ ግን ግስ ኢዩ)

እንተኾነ = anyway, however, etc

እንተ ኾነ = if it is, if it happens

ዝኾነኾይኑ = anyway, however

ዝኾነ ኾይኑ = it has happened

6. ንሱ ኣቐዲሙ ስለ ዝረኣየ ወሲዱዋ ................ንሱ ኣቐዲሙ ስለዝረኣየ ወሲዱዋ

7. ብዘይ ናትካ ኣይትጀሃር ..........................ብዘይናትካ ኣይትጀሃር

ኣስተውዕል፥ ስለ፡ ብዘይ፡ እንተ፡ ምስ፡ ኣብዘይ፡ ንበይኖም… ኢዮም ዚጸሓፉ።

8. ሰብኡት፡ ንሱ፡ ንሳቶም፡ ንሳተን፡ ንሕና ............ኣሰብኡት፡ እሱ፡ እሳቶም፡ እሳተን፡ ኣንሕና

9. ሓውቲ.........................................................ሓፍቲ

10. ኣዋልድ............................................... ኣጓልድ፡ ኣጓላድ

11. መጀመርያ ፍቕሪ.......................መጀመርታ ፍቕሪ (መጀመርያ ንግዜ፡ መጀመርታ ንስፍሓት ወይ ንንውሓት ነዘውትሮ)

12. ተኾላ፡ መጺኡ....................................... ቶኸላ፡ መጽዩ

**ተፈጸመ**



# ስለምንታይ ሰዋስው ትግርኛ ንጀመርቲ?

ብዛዕባ ቋንቋ ትግርኛ ብሓፈሻ ኪዝረብ ከሎ ሓደ ካብቲ ዚለዓል ሕቶታት፡ ስለምንታይ ናይ ሰዋስው መጽሓፍ ዘየልቦ ዚብል ኢዩ። ግን ናይ ሰዋስው መጽሓፍ ኣይወሓደን። እቲ ደላዪ ኪስእኖ ኣይክእልን። ምስ ረኸቦ ዲዩ ዘየንብቦ ኾይኑ? ከምቲ ነቲ ቛንቋ ኪዛረቦ ከሎ ዚቐሎ፡ ኪትንትኖ ምስ ዚፍትን ግን ይብርትዖ ስለ ዝኾነ ዲዩ?

ብዙሓት መንእሰያት፡ ነቲ ቋንቋኦም ከምቲ ዚድለ ገይሮም ኣይፈልጡዎን ኢዮም። ኪዛረቡ ይኽእሉ ይኾኑ፡ ግን ኩሉ'ቲ ዚዛረቡዎ ቅኑዕ ዲዩ? ጽሩይ ትግርኛ ገይሮም ኪጽሕፉ ይኽእሉዶ?

ብሓፈሻ፡ ሰዋስው ዚፈቱ ተመሃራይ የልቦን ኪብሃል ይከኣል። ምኽንያቱ ድማ፡ ኪዛረቦ እናኸኣለ፡ ኪትንትኖ ዘይምኽኣሉ ከም ድኽመት ገይሩ ስለ ዚወስዶ።

ስለዚ እታ ሓንቲ ፍታሕ፡ ነቲ ተዛራባይ ቋንቋ ትግርኛ፡ ነቲ ሰዋስው ኣቕልል ኣቢልካ ከተቕርበሉ ምፍታን ኢዩ።

ሰብ ከይተዘናግዐ ኪመሃር ኣይክእል። በዚ ምኽንያት'ዚ ኸኣ እዚ መጽሓፍ'ዚ ብዙሕ ኣዘናጋዒ ስእልታት ኣለዎ።

ንጀመርቲ ዝተባህለሉ ምኽንያት ግን፡ ነቶም ናይ ሰዋስው መቐረት ኪፈልጡ ዚደልዩ ንምዕዳም ኢዩ። ከም መጽሓፍ መጠን ግን፡ ኩሉ ሰብ ኪጥቀመሉ ይኽእል ኢዩ። ዓበይትን ነኣሽቱን።

ስለዚ ከም ፍሉይ ናይ ሰዋስው መጽሓፍ፡ ንኹሎም ነቲ ቋንቋ ብሓድሽ መገዲ ኪርእዩዎ ዚደልዩ፡ ከም መፈተንታ ቀሪቡሎም ኣሎ።

ኣማኑኤል ሳህለ
ሃገረ ሽወደን 2012

# ስም

ስድራቤት ኣቶ ቀላቲ

ስም (noun) ንሓደ ነገር ክንጽውዖ ከሎና እነዘውትሮ ቃል ኢዩ።

እምበኣር፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ፡ ንኹሎም በብስሞም ክንጽውዖም ኢና




1. ኣምለሰት
2. ትርሓስ
3. ቀላቲ
4. ሞኾምብያ
5. ተለቪዥን
6. ስእሊ

7. ዱኳ ወይ ባኮ
8. ፊርነሎ
9. ድሙ (ሻሹ)
10. በርሀ
11. ዕንዱ (ንእሽቶ ህጻን ማለት ኢዩ)
12. ጀበና



3. ዘሎካ ኩሉ ሃበኒ .......... ......................ደሎካ ኩሉ ሃበኒ
4. ገንዘብ እናሓተትካ ኣይተሸግሮ ..................ገንዘብ እንዳሓተትካ ኣይተሸግሮ

ኣስተውዕል፥ እና ካብ እናናሻዕ ዝወጸ ናይ ምድግጋም ቃል ኢዩ። እንዳ ግን ንቦታ ኢዩ ዘመልክት።

ንኣብነት፥ እንዳ ስጋ፡ እንዳ ሃይለ፡ እንዳ ኣፍራስ ወዘተ.

5. ኣነ ምትኳስ እኽእል ........................ ኣነ ምትኳስ እኸእል
6. ህበይ፡ ዕስራ፡ እራብ ...................... ሂበይ፡ ዒስራ፡ ኢራብ
7. በብሚእቲ ቈጺርካ ሃበኒ................ በቢሚእቲ ቈጺርካ ሃበኒ
8. ንስኻ ኣበይ ትምሃር?.....................ንስኻ ኣበይ ትመሃር?

ኣስተውዕል፥ 'ትመሃር' ዚብል ቃል ትእዛዝ ኢዩ ዚመስል።

9. እቶም ተጻወትቲ ደኺሞም ነይሮም......እቶም ተጻወቲ ደኺሞም ነይሮም
10. ንሱ ሰሓኞ ኣይፈቱን..................ንሱ ስሓኞ ኣይፈቱን

ኣስተውዕል፥ ሰሓኞ ስም ኢዩ፡ ስሓኞ ግን ናይ ትእዛዝ ግሲ ኢዩ።

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. ኣሸሓት ፖሊስ..................... | ኣሸሓት ፖላይስ (ፖሊስ ብዝሒ የብሉን) |
| 2. ከምኡ ይመስለኒ............................... | ከምኡ እመስለኒ (እቲ ነገር ንኣይ ይመስለኒ) |
| 3. ንሱ እንተ ኾይኑ ረኣዮ .......... | እንተ ንሱ ኾይኑ ረኣዮ (እንተ ቅድሚ ግሲ ይመጽእ) |
| 4. ኣብኡ እንተ ኾነ ይሓይሽ .......... | ኣብኡ እንተኾነ ይሓይሽ |

**እሩም** **ዘይእሩም**

1. ሰኑይ፡ ስዉእ፡ ሕውነት፡ .................. .ሶኒ፡ ስውእ፡ ሕዉነት
2. ክልኩል፡ ምዉት፡ ሰማያዊ............... ኩልኩል፡ ሙዉት፡ ሰሚያዊ
3. ብርቱዕ፡ ጽቡቕ፡ ምዕቡል .......... ቡርቱዕ፡ ጹቡቕ፡ ሙዕቡል
4. ሕማቕ፡ ግናይ .............................. ሒማቕ፡ ጊናይ
5. ንሳቶም ዲዮም እቶም ደቅኻ? ..............ንሶም ዲዮም እቶም ደቅኻ?

**አስተውዕል፥** ንሶም፡ ንጽል ናይ ከበሬታ ክንዲስም ኢዩ። ንሳቶም ግን ናይ ብዝሒ ኢዩ።

6. ተመሃር! (ትእዛዝ)...........................ተምሃር!
7. ቀዩሕ........................................ቀይሕ

**አስተውዕል፥** በሊሕ፡ ነዊሕ፡ ሰፊሕ፡ ገዚፍ፡ ዓጺቕ...ወዘተ. ስለ እንብል፡ (ማለት ግእዝ-ሳልስ-ሳድስ)፡ ቀይሕ ክንብል ኣይንኽእልን።

8. ኦሊምፒክ፡ መሎቲ፡ መሎዲ......... ኦሎምፒክ፡ ሞሎቲ፡ ሞሎዲ
9. ኣብቲ ናይ ጋዜጣ ዓምዲ ......... ኣብቲ ናይ ጋዜጣ ዓንዲ
10. ኣብቲ ናይቲ ገዛ ዓንዲ............ ኣብቲ ናይቲ ገዛ ዓምዲ

ስለዚ፥ ዓንደሚካኤል እምበር ዓምደሚካኤል ኣይበሃልን

**እሩም** **ዘይእሩም**

1. መጎጎ፡ መቖሎ፡ መኾስ፡ ..............................ሞጎጎ፡ ሞቕሎ፡ ሞኾስ
2.

**አስተውዕል፥** መጎጎ፡ ካብ መገገዊ፤ መቕሎ፡ ካብ መቕለዊ፤ መኾስ፡ ካብ መኽወሲ ዝወጸ ብምኳኑ፡ ብ ሞ ዘይኮነስ ብ መ ኪጅምር ይግባእ።

2. ኣዚዩ መሪር ኢዩ............................ ብጣዕሚ መሪር ኢዩ (ጥዑም ኮይኑ ደኣ ከመይ ኢሉ መሪር ይኸውን?)



# ስም

## መላመዲ

1. ነቲ ስም ዘይኮነ ሰርዞ።

ኣምለሰት
ሰማይ
ከይዱ
ከልቢ
ቀዩሕ
ጻዕዳ
በረኻ
ማኪና



መን ኢያ ስማ?

2. ኣብ ገዛኹም ዘሎ ሰብ ወይ እንስሳ ወይ ኣቕሓ ዘርዚርካ ጸሓፎ።



3. ኣብዚ ስእል'ዚ ዘሎ ህይወታዊ ወይ ዘይህይወታዊ ነገራት ጸሓፎ።

# ስም

## ዚረአ ስም/ግዙፍ ስም

## ዘይረአ ስም/ረቂቕ ስም

ኣብ እንዳ ኣቶ ቀላቲ ምስ እንጥምት፡ እቲ ኣብኡ ዘሎ ህይወት ዘለዎ ይኹን ወይ ህይወት ዘይብሉ ነገራት፡ ስም ኣለዎ። ንኹሉ እውን ክንርእዮ ንኽእል።

ስለዚ እቲ ካብ 1 ክሳዕ 12 ተጸብጺቡ ዘሎ ነገራት፡ ማለት ከም ጀበና፡ ድሙ፡ ኣምለሰት፡ ዕንዱ፡ ፊርነሎ ወዘተ...ዚረአ ስም ንብሎ ወይ ድማ ግዙፍ ስም።

እንዳ ኣቶ ቀላቲ ሕጉሳት ኢዮም። ኣብቲ ገዝኦም ደስታን ሓጎስን ኣሎ። ሰሓቕ ኣሎ፡ ሕያውነት ኣሎ፡ ሰላም ኣሎ.......

ግንከ ንደስታን ሓጎስን ሰሓቕን ሕያውነትን ሰላምን ክንርእዮም ወይ ክንሕዞም ንኽእልዶ? ኣይንኽእልን።

እዚኣቶም ዘይረኣዩ ኣስማት ኢዮም። ስም ኣለዎም ግን ክንርእዮም ወይ ክንሕዞም ኣይንኽእልን። ስለዚ ሕያውነት ዘይረአ ወይ ረቂቕ ስም ኢዩ። ከምኡ'ውን ሰላም፡ ሰሓቕ፡ ደስታ ወዘተ....

ንሰሓቕ ወይ ንሕያውነት ክትሕዞ ትኽእልዶ? ንረቂቕ ስም ብኣምሮና ጥራይ ኢና ክንሕዞ እንኽእል።



ኣስተውዕል፥ ኣብ ድርባውያን ስማት ትግርኛ፡ እቲ ሓጺር ጋድም ሕንጻጽ እንተ ዘይኣተወ ይምረጽ፡ ከመይሲ ኣብ ገሊኡ ዓረፍተነገራት ሕንፍሽፍሽ ከምጽእ ይኽእል ኢዩ።

ንኣብነት፤ ኣብቲ ኣብ ቤተ-ክርስትያን እተኻየደ ስነ-ስርዓት ቤተ-ሰብን ስድራ-ቤትን ነይሮም። ሓድሓደ ግዜ፡ እቲ ሓጺር ጋድም ሕንጻጽ ንኣየናይ ቃል ይመቅል ከም ዘሎ ግር ይብለካ።

3. ኣንበሳ፡ ኣምበላይ፡ ........................ ኣምበሳ፡ ኣንበላይ፡
4. ጎይታ፡ ጕዕዞ ................................ ጐይታ፡ ጉዕዞ
5. ባርያ፡ ማርያም፡ ዮሃንስ .................. ባይራ፡ ማይራም፡
6. ዮሃንስ፡ ........................................ የውሃንስ
7. ዮዲት፡ ሩት፡ ኢሳይያስ .........................ዮዲታ፡ ሩታ፡ ኢሳያስ፡ ኣሳያስ

ኣስተውዕል፥ ዮዲታ፡ ሩታ፡ ናይ ቅብጥሮት ኣገባብ ኢዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ግን ዮዲት፡ ሩት ኢዩ ተጻሒፉ ዘሎ።

8. ማርቆስ፡ ሄዋን፡ .............................. ማሪቆስ፡ ሂዋን
9. ኣማኑኤል፡ ሚካኤል...................... ኣማኒኤል፡ ሚኪኤል
10. ይመስለኒ፡ ይፍለጠኒ፡ ................ እመስለኒ፡ እፈለጠኒ፡
11. ይገርመኒ.................................. እገርመኒ
12. እተባህለ፡ እተበልዐ፡ .................. ዝተባህለ፡ ዝተበልዐ፡
13. እተዘርበ..................................... ዝተዘርበ

ኣስተውዕል፥ ተባህለ፡ ተበልዐ፡ ተዘርበ፡..ብተ ስለ ዚጅምር እ ከነቐድመሉ ይግባእ። ብ ተ ምስ ዘይጀምርግን ዝ ነቐድመሉ።
ንኣብነት፤ በልዐ=ዝበልዐ። በለ=ዝበለ። ቀተለ=ዝቐተለ ወዘተ....

**ኣስተውዕል፥** ክንደይ ዓመት ጌርካ ኪብሃል ከሎ፡ ምስ ተመክሮ እተዛመደ ኪኸውን ይምረጽ። ንኣብነት፥ ካብ እትምርዖ ክንደይ ዓመት ኮይኑ ወይ ጌርካ?

እሩም = ጠምየ፡ ጸሚአ
ዘይእሩም = ጠምዩኒ፡ ጸሚኡኒ
እሩም = ዓሰርተው ሓደ ፡ ዓሰርተው ክልተ
ዘይእሩም = ዓሰርተ ሓደ፡ ዓሰርተ ክልተ

**ኣስተውዕል፥** (ዓሰርተ ወ ሓደ፡ ዓሰርተ ወ ኽልተ ከም ማለት ኢዩ)

እሩም = ብዓል እከለ መጺኦም ነይሮም
ዘይእሩም = በዓል እከለ መጺኦም ነይሮም

**ኣስተውዕል፥** ብዓል ኪብሃል ከሎ ናይ ጸብጻብ መበገሲ ኢዩ። በዓል ግን ፌስታ ማለት ኢዩ።

እሩም = ዘይመጸ፡ ዘይከደ፡ ዘይነገረኒ፡ ዘይነበረ
ዘይእሩም = ደይመጸ፡ ደይከደ፡ ደይነገረኒ፡ ደይነበረ
እሩም = ህይወት
ዘይእሩም = ሂወት፡ ሂዎት
እሩም = ኣባጊዕ፡ ኣኽላባት፡ ኣጣል
ዘይእሩም = በጋዩዕ፡ ኣኻልብቲ፡ ኣጣውልቲ
እሩም =ኮፍመበሊ
ዘይእሩም = መኾፈሊ

.

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. ናበይ ትኸይድ? ............... | ኣበይ ትኸይድ? |
| 2. ስነስርዓት፡ ቤተሰብ፡ ስድራቤት።......ስነ-ርዓት፡ ቤተ-ሰብ፡ ስድራ-ቤት | |



# ስም

**መላመዲ**

**ነቲ ረቂቕ ስም ዘይኮነ ሰርዞ**

1. ፈርነሎ
2. ድሙ
3. ሰላምታ
4. ሕያውነት
5. ጽባቐ
6. ጀበና
7. ፍቕሪ
8. ናጽነት
9. ተመሃራይ
10. ትምህርቲ



ድኽነት

**ኣብዚ ገዛ'ዚ ሓጎስ ወይ ደስታ ወይ ሰላም ወይ ቅሳነት ኣሎዶ?**



# ስም

## ናይ ሓደ ዓይነት ስም/ፍሉይ ስም
## ናይ ብዙሕ ዓይነታት ስም/ሓባራዊ ስም



በርሀ ምስታ ድሙ ኮፍ ኢሉ ኣሎ። በርሀ ሰብ ኢዩ፡ ግን ፍሉይ ስም ኣለዎ። ሰብ ኪጽውዖ ከሎ 'በርሀ' ኢሉ ኢዩ ዚጽውዖ። ስለዚ እታ 'በርሀ' እትብል ስም ናቱ ፍልይቲ መለለዪት ኢያ።

እታ ድሙ ሰብ ኣይኮነትን። እንስሳ ኢያ። ግን ናታ ፍሉይ ስም ከኣ ኣሎዋ። ኣብ እንዳ ኣቦይ ቀላቲ፡ ነታ ድሙ፡ ሻሹ ኢሎም ኢዮም ዚጽውዕዋ። ስለዚ 'ሻሹ' ፍሉይ ስማ ኢዩ።

እምበኣር፡ በርሀ፡ ሻሹ፡ ኣምለሰት፡ ቀላቲ፡ ወዘተ. **ፍሉይ ስም** ኢዩ። ንሻሹ፡ ድሙ ኢልና ምስ እንጽውዓ ምናልባት ኣይትሰምዓናን ትኸውን። ንበርሀ'ውን፡ ሰብ ኢልና ምስ እንጽውዮ፡ ኪሰምዓና ኣይክእልን።

ስለዚ፡ ድሙ፡ ሰብ፡ ገረብ፡ ባሕሪ ወዘተ. ናይ ሓባር ስም ወይ **ሓባራዊ ስም** እምበር **ፍሉይ ስም** ኣይኮነን።



**ኣስተውዕል፥** ኣብ ላዕሊ እ እትብል ቃል ተጠቒምና ኣሎና፡ ምኽንያቱ እ ከም መራኸቢ ተውላጠስም (ረለቲቭ ፕሮናውን) ኢያ እተገልግል። ነቶም ኣምሓርኛ እትፈልጡ ኣይተሸግርን ኢያ። ብ የ ከኣ ትትርጎም። የምታነሳው፡ የምትሰጠኝ፡ የምትፈልጉት……

እሩም = …….. መርዚ ብምስታይ ተጻሊሉ
ዘይእሩም = …..መርዚ ሰትዩ ተጻሊሉ
እሩም = ብዙሕ ብምስራሕ ደኺሙ
ዘይእሩም = ……..ብዙሕ ሰሪሑ ደኺሙ

**ኣስተውዕል፥** መርዚ ሰትዩ ተጻሊሉ፡ ክንብል ከሎና የደናግር ኢዩ። መርዚ ሰትዩ ከምኡውን ተጻሊሉ ዲና እንብል ዘሎና፡ ወይስ መርዚ ምስ ሰተየ ተጻሊሉ። ብዙሕ ሰሪሑ ደኺሙ ክንብል ከሎናኸ፡ ብዙሕ ሰሪሑን ደኺሙን ማለትና ዲና ወይስ ብዙሕ ስለ ዝሰርሐ ደኺሙ ማለትና ኢና። ከምዚ ዝበለ ኣገባብ ስለ ዘደናግር ክንሓስበሉ ይግባእ።

እሩም = …….. ነብስኻ ኣብ ክንዲ ምምርማር ንኻልኦት ምኽሳስ
ዘይእሩም = ……ነብስኻ ክንዲ ምምርማር ንኻልኦት ምኽሳስ

**ኣስተውዕል፥** ክንዲ ናይ ምንጽጻር ቅጽል ወይ ተውሳከግስ ኢዩ፤ ኣብ ክንዲ ግን መስተጻምር ኢዩ። ንኣብነት፥ ዘርኣይ ክንዲ ኣንበሳ። ኣብ ክንድ'ታ ዝወሰድካለይ ስእሊ፡ እዛ መጽሓፍ እወስዳ ኣሎኹ።

እሩም = እንተ መጺኡ እቶ በሎ
ዘይእሩም = ………እንድሕሪ መጺኡ እቶ በሎ።
እሩም = ክንደይ ኢዩ ዕድመኻ
ዘይእሩም = ………ክንደይ ዓመት ጌርካ

4. ሰዓት፡ በዓል፡ ጸባ፡ ቀላይ……………….ሳዓት፡ ባዓል፡ ጻባ፡ ቃላይ
5. ካበይ መጺእካ?..................................ካበይ መጺኻ?
6. ጸብሒ፡ ጠስሚ፡ ሽኮር………………..ኣጸብሕ፡ ኣጣስም፡ ሸኹክር

ኣስተውዕል፥ ኪረብሕ ዘይክእል ነገራት ኣይተርብሕ። ኣብ ክንዳኡ ግን 'ብዙሕ ዓይነት ወይ ዓይነታት ወይ ዝዓይነቱ' ዚብሉ ሓረጋት ወይ'ውን ናይ ስፍሪ ቅጽላት ብምእታው ከተርብሖ ትኽእል። ማለት፡ ብዙሕ ዓይነት ጸብሒ፡ ብዙሕ ዓይነታት ጠስሚ፡ ብዙሕ ኪሎታት ሽኮር ወዘተ.

እሩም ዘይእሩም

1. ስዉእ፡ ምሉእ፡ ልምሉም.......................ስውእ፡ ሙሉእ፡ ሉምሉም
2. ቃሕ ይብለኒ፡ ትዝ ይብለኒ…………… ቃሕ እብለኒ፡ ትዝ እብለኒ

ኣስተውዕል፥ እቲ ነገር ኢዩ ኣባኻ ዚሰርሕ ዘሎ፡ ስለዚ ንስኻ በዓልቤት ዘይኮንካስ ተሰሓቢ ወይ ኦብጀክት ኢኻ። ንስኻ ኣይኮንካን ገባሪ፡ ሓደ ነገር ኢዩ ኣብ ልዕሌኻ ዚፍጽም ዘሎ። ስለዚ እ ከተዘውትር ኣይትኽእልን።

3. ኣዕሩኽ፡ ኣሕዋት፡ …….. የዕሩኽ፡ የሕዋት፡
4. ደቂሰብ ወይ ደቅሰብ............................... ደቅሰባት
5. ኣብያተክርስትያን ………. ………...........ቤትክርስትያናት
6. ኣዒንቲ፡ ኣዕዋፍ......................................የዒንቲ፡ የዕዋፍ

እሩም = …….ነቲ ተመሊስካ እትኣርዮ፡ ተሃዊኽካ ኣይትደርብዮ
ዘይእሩም=.................ነቲ ተመሊስካ ትኣርዮ፡ ተሃዊኽካ ኣይትደርብዮ
እሩም = ....እቲ እትህበኒ ሕጂ ሃበኒ
ዘይእሩም = .....እቲ ትህበኒ ሕጂ ሃበኒ
እሩም = ......እትደልዩዎ ኩሉ ሕተቱ
ዘይእሩም = .......ትደልዩዎ ኩሉ ሕተቱ



# ስም

ኣብዚ ስእል'ዚ ሰለስተ ነገራት ክንርእዩ ንኽእል። ሓደ ሰብ፡ ሓደ ከልቢ፡ ሓንቲ ድሙ።



እቲ ሰብ ግን መን ኢዩ? ንሱ ዳኒኢል ኢዩ። ናይ ሓባራዊ ስሙ ሰብ ኢዩ ግን ፍሉይ ስም ከኣ ኣለዎ። ዳኒኤል። እቲ ኽልቢ ነታ ድሙ ይጥምታ ኣሎ። ንሱ ኽልቢ ኢዩ። ከልቢ ናይ ሓባራዊ ስሙ ኢዩ። ኣብዛ ዓለም ከምኡ ብዙሓት ኣለዉ። ግን ፍሉይ ስም ከኣ ኣለዎ። ስሙ ባሩድ ኢዩ።

እታ ድሙ ነቲ ኽልቢ ትጥምቶ ኣላ። ድሙ ሓባራዊ ስማ ኢዩ። ኣብዛ ዓለም ከምኣ ብዙሓት ኣለዉ። ፍሉይ ስማ ግን ሻሹ ኢዩ።

## መላመዲ

ሓባራዊ ወይ ፍሉይ ስም ምዃኑ ንምግላጽ ኣብቲ ባዶ ቦታ ጸሓፍ፥

1. ፈረስ ..........................
2. ሰብ ...............................
3. ዳኒኤል ............................
4. ገረብ .............................
5. ክሊማንጃሮ.........................
6. ዳዕሮ ...................................

# ስም

## ተባዕታይ ኣንስታይ ስም

ኣብ ትግርኛ እቲ ህይወት ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ህይወት ዘይብሉ ከም እምኒ፡ ገረብ፡ ማይ፡ ወርሒ፡ ጸሓይ ወዘተ. ናይ ተባዕታይ ወይ ናይ ኣንስታይ ስም ኢዩ ዘወስድ።

ኣብ እንዳ ኣቦይ ቀላቲ እንተ ተመልከትና፡ ኣብቲ ገዛ፡ ሰባት ኣለዉ፡ እንስሳ ኣላ፡ ኣቕሑ ከኣ ኣለዉ።

ግን ኩላቶም ወይ ናይ ተባዕታይ ወይ ናይ ኣንስታይ ስም ኢዮም ዘወስዱ።

ንኣብነት፡ ተለቪዥን፡ ኣንስተይቲ ኢያ
ጀበና፡ ኣንስተይቲ ኢያ።
ኣምለሰት፡ ናይ ጓል (ኣንስተይቲ) ስም ኢዩ። ቀላቲ ግን ናይ ሰብኣይ (ተባዕታይ) ስም ኢዩ።

ኣብ ደገ ወጺእና ምስ እንምልከት ከኣ፡ ማኪና ኣንስተይቲ ኢያ። ሰማይ ተባዕታይ ኢዩ። ማንቲለ ኣንስተይቲ ኢያ። ጻጸ ግን ተባዕታይ ኢዩ። ሓርማዝ ኣንስተይቲ ኢያ። ሃመማ ተባዕታይ ኢዩ። እዚ ኸኣ ብልምዲ ስለ ዝኾነ ሕጊ የብሉን።

ይኹን'በር፡ ገሊኡ ክልተ ጾታ ኣለዎ፡ ማለት ኣንስታይን ተባዕታይን ይኸውን። ንኣብነት፡ እዚ እምኒ (ተባዕታይ)። እዛ እምኒ (ኣንስታይ)። እዚ መጽሓፍ (ተባዕታይ)። እዛ መጽሓፍ (ኣንስታይ)። ወዘተ...



6. ኣነ ምንባብ እኽእል ..............................ኣነ ኣንቢበ እኽእል

ኣስተውዕል፥ ሓደ ግስ (ኣንቢበ)፡ ተሰሓቢ ኪኸውን ኣይክእልን። ስም ወይ ሳብስታንቲቭ ኢዩ ኪኸውን ዘለዎ። ኣብቲ እሩም ተባሂሉ ዘሎ፡ እቲ 'ምንባብ' ዚብል ቃል፡ ግሲ ዘይኮነስ ግሳዊ-ስም ኢዩ።

7. ንሱ እንተሎ (እውን) ኣብኡ ነይሩ። ...ንሱ እንኮላይ ኣብኡ ነይሩ
8. ኣዕሊሉኒ፡ ኣሕሪቑኒ፡ .....................የዕሊሉኒ፡ የሕሪቑኒ
9. ክንደይ ኢዩ ዕድመኻ.....................ክንደይ ዓመት ኣሎካ፡ ጌርካ
10. እዚ ኸልቢ ይናኸስ ዲዩ............... .እዚ ኸልቢ ይነክስ ዲዩ

ኣስተውዕል፥ ሽሕኳ ክልቲኡ ይብሃል እንተ ኾነ፡ 'ይናኸስ' ዝያዳ ናይ ሕማቕ ባህርይ መልእኽቲ የመሓላልፍ። ዝኾነ ከልቢ ናይ ምንካስ (ኣስናንካ ናይ ምዝውታር) ክእለት ወይ ዓቕሚ ስለ ዘለዎ፡ እዚ ኣብ ሕቶ ዚኣቱ ጉዳይ ኣይኮነን።

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. ኢሎምኒ፡ ነጊሮምኒ........................... | ኢሎሙኒ፡ ነጊሮሙኒ |
| 2. ኢሉዋ፡ ነጊሩዋ........................ | ኢልዋ፡ ነጊርዋ |
| 3. ሂቡዋ፡ ተቐቢሉዋ................. | ሂብዋ፡ ተቐቢልዋ |

ኣስተውዕል፥ ንሳቶም ኢሎም + ኒ (ንዓይ) = ኢሎምኒ
ንሳቶም ነጊሮም + ኒ (ንዓይ) = ነጊሮምኒ
ንሱ ኢሉ + ዋ (ንዓኣ) = ኢሉዋ
ንሱ ነጊሩ + ዋ (ንዓኣ) = ነጊሩዋ
ንሱ ሂቡ + ዋ (ንዓኣ) = ሂቡዋ
ንሱ ተቐቢሉ + ዋ (ንዓኣ) = ተቐቢሉዋ።

7. ንሱ ኪበልዕ ኢዩ፡ ….                ንሱ ክበልዕ ኢዩ፡
8. ንሳ ክትበልዕ ኢያ...........................   ንሳ ኪትበልዕ ኢያ

**ኣስተውዕል፥**

**ቀዳማይ ሕጊ፣** ኩሉ ”ይ’ ዘቐድም ግስ ነቲ ”ክ” ናብ ”ኪ”፡ ነቲ ”ዝ” ናብ ”ዚ” ይልውጦ።

ንሱ ይበልዕ = ዚበልዕ፡ ኪበልዕ

ንሳቶም ይበልዑ = ዚበልዑ፡ ኪበልዑ

ንሳ ኪትበልዕ ኢያ፡ ኣይበሃልን፡ ከመይሲ እቲ ግሲ ብ’ይ’ ስለ ዘይጀምር (ንሳ ትበልዕ) ስለዚ፡

ንሳ ክትበልዕ ኢያ፡ ንብል። ንሱ ኪበልዕ ኢዩ፡ ግን ንብል፡ ከመይሲ እቲ ግሲ ብ ’ይ’ ስለ ዚጅምር (ንሱ ይበልዕ)

**ካልኣይ ሕጊ፣** ኣብ ሕሉፍ ግን ”ይ” ስለ ዘየለ፡ ”ክ” ”ዝ” ከምቲ ዝነበሮ ከይተለወጠ ይተርፍ።

ንኣብ፣ ሞተ= ዝሞተ። ከይዳ= ዝኸደት። በልዐ = ዝበልዐ

(ኣብ ሕሉፍ፡ ክ ወይ ኪ ኣይዝውተርን)

**እሩም                                        ዘይእሩም**

1. ንሳቶም ተሓተትቲ ኢዮም.........................ንሳቶም ተሓተቲ ኢዮም
2. እቶም ተጻወትቲ…………………………..እቶም ተጻወቲ
3. ዓሌት፡ ዓቢ፡ ባርያ………………………..........ዓይለት፡ ዓይቢ፡ ባይራ
4. ማርያም፡ ወኻርያ፡ ዓጋዘን ……………....ማይራም፡ ወኻይራ፡ ዓጋጀን
5. ቋንቋ እንግሊዝ ትዛረብዶ? …………እንግሊዝ ትኽእልዶ፡ ትሰምዕዶ

**ኣስተውዕል፥** ብልምዲ ግን ’እንግሊዝ ትኽእልዶ’ ይብሃል ኢዩ። ብዙሕ ዘኸፍእ ኣይኮነን።



# ስም

ይኹን’ምበር፡ ኣብ ገሊኦም እንስሳታት ንተባዕትዮን ንኣንስትዮን እተፈላለየ ስም ይወሃቦም ኢዩ።

ንኣብነት፡

| ተባዕታይ | ኣንስታይ |
| --- | --- |
| ኣንበሳ | ዋዕሮ |
| ብዕራይ | ላም |
| ፈረስ | ባዝራ |
| ወጠጠ | ጤል |
| ድዑል | በጊዕ |

ወዘተ.....

**መላመዲ**

**ኣብቲ ክፉት ቦታ ልሙድ ወይ ዘይልሙድ ዚብል ጸሓፈሉ፥**

1. ጸሓይ ወጺኡ። ......................
2. ተመን ነኺሳትኒ። ...................
3. ሓርማዝ መስተውዓሊ ኢዩ። .............
4. ንፋስ ትነፍስ ኣላ።......................
5. ኣንበሳ ሓያል ኢያ። ..........................

# ስም

## ብዝሒ

ንሓደ ነገር ብስሙ ክንጽውዖ ከሎናን ንኽልተ ነገራት ብስሞም ክንጽውዖም ከሎናን፡ ነንበይኑ ቃላት ኢና እነዘውትር።

ሓደ ሰብኣይ ……………..ክልተ ሰብኡት
ሓንቲ ማኪና……………..ክልተ ማኻይን ወይ ማኪናታት
ሓደ ኣንበሳ………………ሰለስተ ኣናብስ
ሓንቲ ጤል ……………..ሚእቲ ኣጣል
ሓደ ወዲ…………………ብዙሓት ኣወዳት

“ ታት” ዚብላ ፊደላት ብምዝውታር ዳርጋ ኩሉ ንኣስማት ነብዝሖ።

ኣደ…………ኣደታት
ሰሌዳ ……..ሰሌዳታት



ሓደ ኽልቢ

ግን

ከልቢ …………..ኣኽላባት
ኣድጊ ………….ኣእዱግ
ኦም……………..ኣእዋም
መጽሓፍ ………መጻሕፍቲ
ክዳን …………..ክዳውንቲ
ተመን…………..ኣትማን



ሽድሽተ ኣኽላባት



1. ጽማቑ……………………………………… ጽማቕ
2. ደኣ፡ ከኣ፡ ድማ ……………………….. ደኣኒ፡ ከኣኒ፡ ድማኒ
3.እውን……………………………………. ከማን፡ ኸማኒ፡ እምበር
4. እንተላይ…………………………………. እንኮላይ
5. <u>ብዘይ</u> ምኽንያት በዲሉዎ…… ብዘይምኽንያት በዲሉዎ
6. <u>ዘይ</u>ተረኽበ ……………………… ዘይ ተረኽበ

**<u>ኣስተውዕል፤</u>** <u>ብዘይ</u> ዚብል ቃል ነብሱ ዝኸኣለ መስተጻምር ኢዩ። ከም ዊዛውት ብእንግሊዝ። ስለዚ ምስ ካልእ ቃል ኣይለግብን።
’ዘይ’ ዚብል ቃል ግን ናይ <u>ተረኽበ</u> ተጻራሪ ብምኳኑ ምስቲ ግስ ብሓደ ኪጸሓፍ ይግባእ።

7. ክሳዕ …………………………………………..ስጋዕ
8. ልምሉም፡ ክልኩል……………………………..ሉምሉም፡ ኩልኩል
9. እቲ ጒዳይ <u>እና</u>ኽረረ ኸይዱ…………እቲ ጒዳይ <u>እንዳ</u>ኸረረ ኸይዱ
10. ንሱ <u>እና</u>ኸደ ኸሎ…………………ንሱ <u>እና</u>ኸደ <u>እን</u>ከሎ

**<u>ኣስተውዕል፤</u>** ሓንሳእ <u>እና</u> ምስ በልካ፡ ከም ብሓድሽ <u>እን</u> ኣይትወስኽ።

11. ንሱ፡ ንሳ፡ ንሳቶም፡ ንሳተን…………እሱ፡ እሳ፡ እሳቶም፡ እሳተን

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. ነቲ <u>ዚ</u>በልዕ ዘሎ ወስኮ…………………… | ነቲ <u>ዝ</u>በልዕ ዘሎ ወስኮ |
| 2. <u>ዝ</u>በልዐን ዘይበልዐን ኣለሊ………… | <u>ዚ</u>በልዐን ዘይበልዐን ኣለሊ |
| 3. እቲ ትማሊ <u>ዝ</u>ሞተ ሰብ…………… | እቲ ትማሊ <u>ዚ</u>ሞተ ሰብ |
| 4. እቶም ትማሊ <u>ዝ</u>ኸዱ ሰባት ………… | እቶም ትማሊ <u>ዚ</u>ኸዱ ሰባት |
| 5. ንሱ <u>ኪ</u>በልዕ ኢዩ ……………………. | ንሱ <u>ክ</u>በልዕ ኢዩ |
| 6. ንሳቶም <u>ኪ</u>በልዑ ዲዮም?……………… | ንሳቶም <u>ክ</u>በልዑ ዲዮም? |

7. ዕቑር ሰራዊት .........................................ዑቑር ሰራዊት
8. ዓይነስዉር........................................ ዓይነሱዉር
9. ስዉኣትና............................................ ስውኣትና
10. ይመስለኒ፡ ይገርመኒ፡ .................. እመስለኒ፡ እገርመኒ

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. የቐንዝወኒ......................................................... | ኣቐንዝወኒ |
| 2. የሕምመኒ ................................................... | ኣሕምመኒ |
| 3. ይስመዓኒ...................................................... | እስመዓኒ |

ኣስተውዕል፤ እቲ ቃንዛ፡ ሕማም፡ ስምዒት ባዕልኻ ኣይኮንካን እትፍጽሞ ዘሎኻ፡ ኣባኻ ኢዩ ዚፍጸም ዘሎ፡ ስለዚ ንስኻ በዓልቤት (ሳብጀክት) ዘይኮንካስ፡ ተሰሓቢ (ኦብጀክት) ኢኻ። ማለት፡ ከም ሳልሳይ ኣካል ተቔጺርካ ኣሎኻ ማለት ኢዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ ከም ሳልሳይ ኣካል የ ወይ ይ ብዚጅምር ግስ ነቲ ተግባር ትገልጾ።

4. የሩሳሌም፡ ዮሃንስ፡ ማቴዎስ............ዮሩሳሌም፡ የውሃንስ፡ ማቲዎስ
5. ንእተገብረለይ ኩሉ ኣመስግን.........ንእተገብረለይ ኩሉ የመስግን
6. ይእከል (ይኣክል?).............................................ይኣክል

ሓበሬታ፤ ከም ትእዛዝ፡ 'ይኣክል!' ዲዩ ኪብሃል ዘለዎ ወይስ 'ይእከል!'። ብሰዋስው መሰረት፡ ኣኸለ፡ ምስ ሓረሰ (ሳልስ-ግእዝ ዘይጠብቐ-ግእዝ) ስለ ዚመሳሰል፡ ሓረሰ ኢልና ድማ ይሕረስ ስለ እንብል፡ ኣኸለ ኢልና ድማ ይእከል ክንብል ኔሩና፡ ግን ይኣክል ኢና እንብል። ናይዚ ምኽንያት ንግዜኡ ክበርሃለይ ኣይከኣለን።

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|



# ስም

ይኹንምበር፡ ገለ ስማት ብዝሒ የብሎምን። ንሓደን ንኽልተን ነገራት ሓደ ቃል ኢና እንጥቀም።
ንኣብነት፥ ሓደ ኣንበጣ.....ብዙሓት ኣንበጣ
ሓደ ጻጻ ........ሚእቲ ጻጻ

ኪቝጸሩ ዘይክእሉ ድማ ኣለዉ። ከም መዓር፡ ሽኮር፡ ማይ፡ በንዚን ወዘተ.. ሓደ መዓር፡ ክልተ ሽኮር ....ኣይበሃልን።

## መላመዲ

ኣብ ዓምዲ (ሀ) ዘለዉ ቓላት ምስቶም ኣብ ዓምዲ (ለ) ዘለዉ ብሕንጻጽ ኣራኽቦም።

| ሀ. | ለ. |
|---|---|
| ፈረስ | ኣወዳት |
| መርከብ | ኣባቕል |
| መጽሓፍ | ባንዲራታት |
| ወዲ | ንህቢ |
| ጓል | ኣናጹ |
| በጊዕ | መዓር |
| በቕሊ | መጻሕፍቲ |
| ባንዴራ | ኣፍራስ |
| ንህቢ | ኣዋልድ |
| ኣንበጣ | መራኽብ |
| መዓር | ኣንበጣ |
| ኣንጭዋ | ኣባጊዕ |



ኣድጊ፡
ክልተ ኣእዛን፡
ኣርባዕተ መሓውር፡
ሓንቲ ጭራ፡
ክልተ ኣዒንቲ፡
ብዙሕ ኣስናን
ኣለዎ።

# ተውላጠስም

ተውላጠስም (pronoun) ንሓደ ነገር ብስሙ ዘይኮነስ ብመተካእታ ክንጽውዖ ከሎና እንጥቀመሉ ቃል ኢዩ።

እምበኣር፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ፡ ንዅሎም በብስሞም ዘይኮነስ ብመተካእታ ክንጽውዖም ንፈትን




1. ቀሺ ተኽላይ ናይ ሞራል መምህር ኢዮም
2. ኣቶ ኣልኣሚን ዓብዱ ሓለቓ ቤትትምህርቲ ኢዩ
3. ስምኦን ተኸለ ተመሃራይ ኢዩ
4. ሳራ ግርማይ ተመሃሪት ኢያ

5, 6. ኣሕመድን ስምኦንን ተመሃሮ ኢዮም



እሩም ዘይእሩም

1. ከም እንራኸብ ኣይጠራጠርን.........................ክምንራኸብ ኣይጠራጠርን
2. ስለ ዚፈርህ ዲዩ ዘይመጸ? ......................ስለዚፈርህ ዲዩ ዘይመጸ?
3. ብዘይ ድልየቱ ...........................................ብዘይድልየቱ
4. ዕድል እንተ ሂብካዮ ......................................... ዕድል እንተሂብካዮ
5. ከም ዘይረኣኻ ትም በል .....................ከምዘይረኣኻ ትም በል

ኣስተውዕል፤ ኣብ ትግርኛ፡ ከም፡ ብዘይ፡ ስለ፡ እንተ .... ካብቲ ግሲ ፍንትት ኢሎም ኪጸሓፉ ይግባእ።

ከም ሓደ ቃል ኮይኖም ዚጸሓፉ ግን ኣብ ከምዚ ዝበለ ሓረጋት ኢዩ፤ ስለይ፡ ዘይኮነ፡ እንተኾነ፡ ከመይ፡ ከማኻ.....

እሩም ዘይእሩም

1. ዓሰርተ ቕርሺ.................................................... .ዓሰርተ ቅርሺ
2. ንእሽቶ ኸልቢ ............................................ ንእሽቶ ከልቢ
3. ንሱ ኸኣ.................................................... ንሱ ከኣ
4. ንሳቶም ከኣ.................................... ንሳቶም ኸኣ
5. ሰለስተ ቓላት .................................. ሰለስተ ቃላት
6. ጥዑም ቃል .................................... ጥዑም ቓል

ኣስተውዕል፤ ኣብ ትግርኛ፡ እቲ ቕድሚ ቀ ወይ ከ ዚድመጽ ቃል ተሪር ምስ ዚኸውን፡ ነቲ ቀ ናብ ቐ ነቲ ከ ድማ ናብ ኸ ይልውጦ። ፈኵስ ምስ ዚኸውን ግን፡ እቲ ቀ ወይ እቲ ከ ከም ዘለዎ ይተርፍ። ኣብ ላዕሊ፡ እቲ ተሰሚሩሉ ዘሎ ፊደል ተሪር ወይ ዚጠብቕ ስለ ዝኾነ ብ ቐ ወይ ብ ኸ ይሰዓብ። እቲ ዝተረፈ ግን ስለ ዘይተርር ብ ቀ ወይ ብ ከ ይሰዓብ።

ዘደናግር፡ ማለት ኣብ ገለ እዋናት ንጋድም ሕንጻጽ ከም ሓጹር ( ) ስለ እንጥቀመሉ፡ እንተ ተረፈ ይሓይሽ በሃላይ እየ።

ከምዚ ዚስዕብ ይምረጽ በሃላይ እየ፤ ኣድጊበረኻ ምስ ነብሪጎልጎልን ጠለበዱን ኮይኖም ንምድረበዳ ኸዱ።

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. እውን | ኸማን፡ ኸማነይ |
| 2. እንተኾነስ፡ የግዳስ | እምበሺ |
| 3. እናበልዐ ኣይተዛርቦ | እንዳበልዐ ኣይተዛርቦ |
| 4. ኣዚዩ፡ ኣመና፡ ምሒር | ብጣዕሚ |
| 5. እቶም ዝኸሓዱና፡ ዝሰረቑና፡ ዝረስዑና | እቶም ዚኸሓዱና፡ ዚሰረቑና፡ ዚረስዑና |

ኣስተውዕል፤ ኣብ ትግርኛ፡ ኣብ ሕሉፍ ግዜ ነቲ ዝ ናብ ዚ ኣይትለውጦ።

| | |
|---|---|
| 6. ሰብኡት፡ ኣእዱግ፡ ቈልዑ | ኣሰብኡት፡ የእዱግ፡ ኣቈልዑት |
| 7. ኣዕዋፍ፡ ኣዕሩኽ፡ ኣዒንቲ | የዕዋፍ፡ የዕሩኽ፡ የዒንቲ |
| 8. ክሳብ፡ ክሳዕ | ስጋብ፡ ስጋዕ |
| 9. ንሱ ይኸይድ፡ ንሳቶም ይኸዱ | ንሱ እኸይድ፡ ንሳቶም እኸዱ |

ኣስተውዕል፤ ኣብ ሳልሳይ ኣካል ንጽልን ብዙሕን እቲ ግዜያዊ ረባሕታ ብ ይ ኢዩ ኪጅምር ዘለዎ።

| | |
|---|---|
| 10. ርኢኺ፡ ርኢኻ፡ ርእዩ፡ ርእያ | ሪኺ፡ ሪኻ፡ ሪኡ፡ ሪኣ |



# ተውላጠስም

እምበኣር ሕጂ ኣብ ክንዲ ብኣስማቶም እንጽውዖም፡ መደባዊ ተውላጠስም (personal pronoun) ክንጥቀም ኢና፥

1. ንሶም ናይ ሞራል መምህር ኢዮም
2. ንሱ ሓለቓ ቤትትምህርቲ ኢዩ
3. ንሱ ተመሃራይ ኢዩ
4. ንሳ ተመሃሪት ኢያ

5, 6. ንሳቶም ተመሃሮ ኢዮም









# ተውላጠስም

| ንሓደ ወይ ንንጽል | ንብዙሓት ወይ ንድርብ |
|---|---|
| ኣነ | ንሕና |
| ንስኻ | ንስኻትኩም |
| ንስኺ | ንስኻትክን |
| ንሱ | ንሳቶም |
| ንሳ | ንሳተን |

### መላመዲ

**ነቲ ስም ብተውላጠስም ተክኣዮ ወይ ለውጦ፥**

1. ኣደይ ሕያወይቲ ኢያ። .................ሕያወይቲ ኢያ።
2. ዓብደላን ኪዳነን ንኣመሪካ ከይዶም። ..............ንኣመሪካ ከይዶም።
3. ሳራን ዮርዳኖስን ትምህርቲ ኣይፈትዋን። ...............ትምህርቲ ኣይፈትዋን።
4. ኣስቴር! መኣስ መጺእኪ?............መኣስ መጺእኪ?
5. ሳሙኤልን ተኸላይን! ፈተና ጌርኩምዶ?................ፈተና ጌርኩምዶ?
6. መኣዛን ሓያትን! መጽሓፍ ዓዲግክንዶ? ................መጽሓፍ ዓዲክንዶ?
7. ኣቦይ ኣልኮል ኣይፍቱን'ዩ። ..............ኣልኮል ኣይፈቱን ኢዩ።
8. ኣቦይ ቀሺ! በሊዕኩምዶ? ..............በሊዕኩምዶ?



ቤትትምህርቲ፡ ቤትዕዮ ….ብምባል ነታ 'ናይ' እትብል ቃል ንገድፋ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ድርብ ቃላት ኪነውሕ ከሎ፡ 'ናይ' ክንጥቀም ንግደድ ኢና።

<u>ንኣብነት፣</u>

<u>መባእታዊ ቤትትምህርቲ ተዋሳእቲ መንእሰያት ኤርትራ</u> ክንብል ከሎና፡ ብሰንኪ ንውሓት'ቲ ሓረግ፡ ምድንጋር መታን ከይስዕብ፡'ናይ' እትብል ቃል ክንጥቀም ንግደድ፣

<u>ናይ ተዋሳእቲ መንእሰያት ኤርትራ መባእታዊ ቤትትምህርቲ።</u>

ሓድሓደ ግዜ'ውን እቲ ድርብ ቃል ዘይተደልየ ትርጉም ኪህብ ስለ ዚኽእል፡ 'ናይ' ክንጥቀም ንግደድ።

<u>ንኣብነት፤</u>

ኣብ ክንዲ <u>ዕረፍቲምሳሕ</u>፡ <u>ናይ ምሳሕዕረፍቲ</u> እንተ ተባህለ ይምረጽ፡ ከመይሲ <u>ዕረፍቲምሳሕ</u>፡ ኣብ መንጎ ምሳሕ ዘሎ ዕረፍቲ ኪመስል ስለ ዚኽእል። ብእተኻእለ መገዲ እቲ ድርብ ቃል ዘደናግር ምስ ዚመስል፡ 'ናይ' እትብል ቃል ምዝውታር ይምረጽ።

<u>ኣስተውዕል፤</u>

ብናተይ ርእይቶ፡ ድርብ ቃላት ብዘይ ጋድም (-) ሕንጻጽ እንተ ተጻሕፉ ይሓይሽ በሃላይ እየ። ኣብዚ መደምደምታ ዝበጻሕኩሉ ምኽንያት ድማ፡ ክልተ ወይ ካብኡ ዚበዝሕ ድርብ ቃላት በዚ መገድ'ዚ ምስ ዚጻሓፉ፡ ምድንጋር ስለ ዘኸትል እዩ።

<u>ንኣብነት፤</u>

ኣድጊ-በረኻ ምስ ነብሪ-ጎልጎልን ጠለ-በዱን ኮይኖም ንምድረ-በዳ ኸዱ…… ።

ኣብዚ ዓረፍተነገር'ዚ እቲ ጋድም ሕንጻጽ፡ ንኣየናይ ይፈሊ ከም ዘሎ ስለ

በዚ መሰረት’ዚ፤

| | |
|---|---|
| እቲ ትደልዮ ንገረኒ። | (ዘይእሩም) |
| እቲ እትደልዮ ንገረኒ። | (እሩም) |
| እቲ ትህቡና ሃቡና። | (ዘይእሩም) |
| እቲ እትህቡና ሃቡና። | (እሩም) |
| ካብዚ ትረኽቦ እንታይ ኢዩ? | (ዘይእሩም) |
| ካብዚ እትረኽቦ እንታይ ኢዩ? | (እሩም) |

**አስተውዕል፤**

እታ ናይ መጀመርታ እርምቲ ዓረፍተነገር ናብ እንግሊዝ ምስ እትትርጎም፣ Tell me what you want ትኸውን። ስለዚ፡ እታ what እትብል ቃል ኢያ ናብ ‘እ’ ተተርጒማ ዘላ። እታ ናይ መጠረስታ ዓረፍተነገር ክትትርጎም ከላ ኸኣ……(what is it that you get from this)። ስለዚ፡ እ ብ that ተተርጒማ ኣላ።

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. ደርሆማይ (ከም ዑፍ)……………………… | ማይደርሆ |

አስተውዕል፤ ቤትትምህርቲ = ቤት ናይ ትምህርቲ

ቤትመግቢ = ቤት ናይ መግቢ

ደርሆማይ = ደርሆ ናይ ማይ

ማይደርሆ = ማይ ናይ ደርሆ

ስለዚ ማይደርሆ ምስ እንብል፡ ማይ ናይ ደርሆ፡ ማለትና ኢዩ። እቲ ማይ ናይታ ደርሆ ኢዩ ኢና እንብል ዘሎና። ናይ ማይ ደርሆ ወይ ኣብ ማይ እትነብር ደርሆ ክንብል ምስ እንደሊ ግን፡ ደርሆማይ ክንብል ይግባእ።

ኣብ ትግርኛ፡ ኣብ ድርብ ቃላት፡ ’ናይ’ ዚብል መስተጻምር ምዝውታር ልሙድ ኣይኮነን። ስለዚ ኸኣ ኢና፡ ኣድጊበረኻ፡ ኾዕሶእግሪ፡



# ተውላጠስም

## ናይ ዋንነት ተውላጠስም (possessive pronoun)

ኣብራሃም ዓባይ ራድዮ ዓዲጉ። እታ ራድዮ ናቱ ኢያ። እታ ራድዮ ናይ መን ኢያ? ናቱ።

ናቱ ናይ ዋንነት ተውላጠስም ኢዩ። ናቱ ብምባል ጥራይ ክንምልሽ ንኽእል። ናቱ ክንብል ከሎና ራድዮ ምባል ኣየድልየናን። ኣብ ክንዲ ራድዮኡ ኢያ እንብል፡ ናቱ ኢያ ምባል ኣኻሊ ኢዩ።




| | |
|---|---|
| ኣነ.............ናተይ | ንሕና............ናትና |
| ንስኻ ..........ናትካ | ንስኻትኩም....ናታትኩም |
| ንስኺ...........ናትኪ | ንስኻትክን......ናታትክን |
| ንሱ...............ናቱ | ንሳቶም ..........ናታቶም |
| ንሳ................ናታ | ንሳተን ...........ናታተን |

# ተውላጠስም

## መላመዲ

**ነዚ ኣብነት'ዚ ተኸቲልካ ስራሕ፥**

| | |
|---|---|
| መጽሓፈይ | ናተይ |
| መጽሓፉካ | ናትካ |
| መጽሓፎም | ……… |
| መጽሓፈን | ……… |
| መጽሓፍና | ……… |
| መጽሓፉ | ……… |
| መጽሓፍኩም | ……….. |






## በ ን ቢ ን ትእዛዝን ሕሉፍን

ደርብዩዎ (ትእዛዝ)…………………………….ደርቢዩዎ(ሕሉፍ)

1. ነቲ ኣረጊት ክዳውንቲ ተሎ ደርብዩዎ!
2. ንሱ ትማሊ ነቲ ኣረጊት ክዳውንቲ ደርቢዩዎ

| እሩም | ዘይእሩም |
|---|---|
| 1. እተገብረ | ዝተገብረ |
| 2. እተባህለ | ዝተባህለ |
| 3. እተበልዐ | ዝተበልዐ |
| 4. እተተርጐመ | ዝተተርጐመ |

### ኣስተውዕል፤

ሓደ ግሲ፡ ልኡም (ፓሲቭ) ምስ ዚኸውን፡ ከም ተዛማዲ ተዋላጠስም ወይ ቅጽል፡ <u>እ</u> ኢዩ ዘቕድም።

ንጡፍ (ኣክቲቭ) ግሲ ምስ ዚኸውን ግን ከም ተዛማዲ ተውላጠስም ወይ ቅጽል <u>ዝ</u> ኢዩ ዘቕድም።

ተገብረ = ልኡም…….እተገብረ፡ እተበልዐ፡ እተቐትለ
ገበረ = ንጡፍ………..ዝገበረ፡ ዝበልዐ፡ ዝቐተለ

<u>እ</u> ወይ <u>ዝ</u> ብቛንቋ እንግሊዝ ከም that, which, who, what (relative pronoun or relative adjective) ይትርጐም።
እተገብረ = that <u>which</u> is done
ዝገበረ = the one <u>who</u> did or made

# እሩም ትግርኛ ተዛረብ

### የ ን ዱን ትእዛዝን ሕሉፍን

**ኣካይዱ (ትእዛዝ)........ ኣካዩዱ (ሕሉፍ)**

1. ነቲ ስራሕ ባዕልኹም ኣካይዱ!
2. ነቲ ስራሕ ባዕሉ ኣካዩዱ

**ሓይኹ (ትእዛዝ)............ሓዩኹ (ሕሉፍ)**

1. ነቲ ስጋ ጥራይ ሓይኹ!
2. ንሱ ነቲ ስጋ ጥራይ ሓዩኹ

**ቀይሩ (ትእዛዝ).................................................. ቀዩሩ (ሕሉፍ)**

1. መገድኹም ቀይሩ!
2. ንሱ መገዱ ቀዩሩ

### በ ን ብ ን ትእዛዝን ህልውን

**እበሃል (ትእዛዝ)...... እብሃል(ህልዊ)**

1. ኣነ ካብ ሎሚ ኣብርሃም እበሃል! (ኣብርሃም ኢልኩም ጸውዑኒ)
2. ኣነ ኣብርሃም እብሃል ወይ ስመይ ኣብርሃም ይብሃል (ስመይ ኣብርሃም ኢዩ)

**ይበዓል (ትእዛዝ)... ይብዓል (ህልዊ)**

1. እቲ ጉዳይ ሎሚ ይበዓል!
2. ጥምቀት ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ይብዓል



# ተውላጠስም

## ኣመልካቲ ተውላጠስም (demonstrative pronoun)

ፖሊስ፥ እዛ ራድዮ ናይ መን ኢያ?
ሰራቒ፥ ናተይ ኢያ።

እቲ ፖሊስ ነታ ራድዮ ከይጠቐሰ'ውን ኪሓትት ይኽእል ኢዩ።

ፖሊስ፥ እዚኣ ናይ መን ኢያ?
ሰራቒ፥ ናተይ ኢያ።

እምበኣር፡ እዚኣ፡ ኣመልካቲ ተውላጠስም ኢዩ።

| ኣብ ቀረባ እትርከብ ነገራት | ኣብ ርሑቕ እትርከብ ነገራት |
|---|---|
| እዚኣ | እቲኣ |
| እዚኣን/እዚኣተን | እቲኣተን |
| እዚ | እቲ |
| እዚኦም/እዚኣተን | እቲኣቶም |

ንኣብነት፥ (ሓንቲ ራድዮ) እዚኣ ናይ መን ኢያ?
(ክልተ ራድዮ) እዚኣተን ናይ መን ኢየን?
(ሓደ መጽሓፍ) እዚ ናይ መን ኢዩ?
(ክልተ መጻሕፍቲ) እዚኣቶም ናይ መን ኢዮም?

ነቲ ኣብ ርሑቕ እትርከብ ነገራት ንምምልካት ድማ በቲ ኣብ ካልኣይ ዓምዲ ዘሎ ቃላት ትጥቀም።

# ተውላጠስም

**መላመዲ**

**ነዚ ኣብነት'ዚ ተኸቲልካ ስራሕ፥**

**ሓንቲ ማኪና ኣብ ጥቓኻ ኣላ። እዚኣ ክንደይ ኢዩ ዋግኣ?**

**ሓንቲ ማኪና ካባኻ ርሒቕ ኢላ ኣላ። እቲኣ ክንደይ ኢዩ ዋግኣ?**

**ሓደ ሰደቓ ኣብ ጥቓኻ ኣሎ። ........................................**

**ሓደ ሰደቓ ካባኻ ርሒቕ ኢሉ ኣሎ። ..........................................**

**ብዙሓት ሰደቓታት ኣብ ጥቓኻ ኣለዉ።....................................**

**ሓንቲ ዕትሮ ካባኻ ርሒቕ ኢላ ኣላ። .......................................**

**ብዙሓት መኻይን ካባኻ ርሒቕ ኢሎም**

**ኣለዉ። ..........................................................**

**ሓደ ብዕራይ ኣብ ጥቓኻ ኣሎ። ..............................................**

**ብዙሓት ኣብዑር ካባኻ ርሒቕ ኢሎም**

**ኣለዉ። ..............................................................**



እቲኣተን መን ኢየን?



እዚኣ መን ኢያ?



# እሩም ትግርኛ ተዛረብ

# ቅጽል

ቅጽል (adjective) ንሓደ ነገር ብፍሉይ መገዲ ክንገልጾ ምስ እንደሊ እንጥቀመሉ ቃል ኢዩ

እምበኣር፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ፡ ንኹሎም ቅጽል እናእቶና ክንገልጾም ንፈትን




ትርሓስ ሓምላይ ወይ ቀጠልያ ካዳን ገይራ ኣላ።

ኣቶ ቀላቲ ሰማያዊ ኅልፎ ለቢሶም ኣለዉ።

ቀያሕ ሞኾምብያ ኣብ መንደቕ ተሰቒላ ኣላ።

እታ ጸላም ጀበና ኣብ ልዕሊ’ታ ብጫ ፈርነሎ ተሰኺታኣላ።

ኣምለሰት ንእሽቶ ኢያ።

ሻሹ ሕያወይቲ ድሙ ኢያ።

እቲ ቡን ውዑይ ኢዩ።

እዞም ብቡናዊ ሕብሪ ተጻሒሮም ዘለዉ ቓላት ቅጽል ኢዮም። ብቕጽል ጌርና ንነገራት ዝያዳ ንገልጾ።

# ቅጽል

ኣብ ከባቢና ኩሉ ነገራት እተፍላለየ ቅርጽታትን፡ ስፍርታትን፡ ሕብርታትን፡ ጠባያትን፡ መልክዕን፡ ክብርን፡ ብርታዐን፡ ወዘተ. ኣለዎ። ስለዚ ብዙሕ ዓይነት ቅጽል ከም ዘሎ ምዝካር የድሊ፥

ናይ ቅርጺ፥ ከቢብ፡ ሽሊሕ፡ ጸቢብ፡ ገፊሕ፡ ነዊሕ፡ ሓጺር
ናይ ቍጽሪ፥ ሓደ፡ ክልተ፡ ሰለስተ..... ቀዳማይ፡ ካልኣይ...
ናይ ስፍሪ፥ ውሑድ፡ ብዙሕ፡ ከቢድ፡ ፈኵስ
ናይ ሕብሪ፥ ቀዪሕ፡ ብጫ፡ ሰማያዊ፡ ሓምላይ፡ ቡናዊ፡ ፈገሰታይ
ናይ ጠባይ፥ ሕያዋይ፡ ለባም፡ ጨካን፡ ስዲ፡ ቀናእ፡ ርጉም
ናይ መልክዕ፥ ጽቡቕ፡ ሕማቕ፡ ግናይ

ንሓደ ስም ዊ ወይ ኛ እናወስኽካ'ውን ቅጽል ይስራሕ ኢዩ፥
ንኣብነት፥
ኤርትራ = ኤርትራዊ
ኣነ ኤርትራዊ እየ። ንሳ ኤርትራዊት ኢያ። ንሳቶም ኤርትራውያን ኢዮም።

ሰሙን = ሰሙናዊ
ዓመት = ዓመታዊ
ወርሒ = ወርሓዊ
ሓደጋ = ሓደገኛ
ጥበብ = ጥበበኛ
ገበን = ገበነኛ
ቁምነገር = ቁምነገረኛ
ኣበር = ኣበረኛ



# ዓረፍተነገር

## መላመዲ

### እንታይ ዓይነት ግስ ኢዩ?

ነቲ ኣብ ዓምዲ (ሀ) ዘሎ ቃላት፡ ምስቲ ኣብ ዓምዲ (ለ) ዘሎ ቃላት ኣዛምዶ፥

| | |
|---|---|
| ሀ. ኮፍ በል! | 1. ረቂቕ ስም |
| ለ. ደቀሰ | 2. ኣስራሒ ግስ |
| ሐ. ምደቀስኩ ነይረ | 3. ዘይሳገር ግስ |
| መ. ሰባበረ | 4. ተስጋሪ ግስ |
| ሰ. ይስሕቕ ነይሩ | 5. ትእዛዝ |
| ረ. ኣስተየ | 6. ናይ ምድግጋም ግስ |
| ሸ. ተሰብረ | 7. በለ ደላዪ ግስ |
| ቀ. ደርበየ | 8. ኩነታዊ ግስ |
| በ. ውጽኢ በለ | 9. ልኡም ግስ |
| ተ. ሃብቲ | 10. ሕሉፍ ቀጻሊ |

### ነዘን ክልተ ንጽል ዓረፍተነገር ኣላግበን

ንኣብነት፥ 1. ሎም ጾም ኢዩ
2. ኣነ ስጋ ኣይበልዕን እየ
ሎሚ ጾም ስለ ዝኾነ ስጋ ኣይበልዕን እየ።

1. ዝብኢ ይንቁ ኣሎ / ቀልጢፈ ገዛይ ክኣቱ
2. ዝናም ይዘንም ኣሎ / ጽላል ተማሊእኪዶ?
3. ልደት ከብዕሎ እየ/ በጊዕ ክሓርድ እየ
4. ዮርዳኖስ ንፍዕቲ ኢያ/ ኣብ ፈተና ወዲቓ
5. ገንዘብ የብለይ/ ብእግሪ ምኻድ እፈቱ።

# ዓረፍተነገር

## ንጽልን ድርብን ዓረፍተነገር

ንጽል ዓረፍተነገር፥

ንጉስ ኣንበስ ቀቲሉ

ንጽል ዓረፍተነገር፥

ኣደይ ለቱ ዕልል ኢለን

ድርብ ዓረፍተነገር፥

ንጉስ ኣንበሳ ምስ ቀተለ፡ ኣደይ ለቱ ዕልል ኢለን።

ስለዚ ክልተ ንጽል ዓረፍተነገራት ሓደ ድርብ ዓረፍተነገር የቑማ። ክልተ ንጽላት ዓረፍተነገራት ንኺተሓሓዛ ግን እንተ፡ እኳ፡ ምስ፡ ድሕሪ፡ ስለምንታይ፡ ስለ፡ ከመይሲ .... ዚብሉ ቃላት የድልዩና።

ንጉስ ኣንበሳ እኳ እንተ ቐተለ፡ ኣደይ ለቱ ግን ዕልል ኣይበላሉን።

ንጉሰ ኣንበሳ ስለ ዝቐተለ ኢየን ኣደይ ለቱ ዕልል ዝበላ።

ንጉስ  ኣንበሳ እንተ ቀቲሉ ጥራይ ኢየን ኣደይ ለቱ ዕልል ዚብላ።

ንጽል ዓረፍተነገር፥ ሮቤል ክልተ ጥርሙዝ ነቢት ሰትዩ

ንጽል ዓረፍተነገር፥ ሮቤል ኣይሰኸረን

ድርብ ዓረፍተነገር፥

ሮቤል ክልተ ጥርሙዝ ነቢት እኳ እንተ ሰተየ ኣይሰኸረን።

ኣነ፡ ዕስራ ጣሳ ቡን እንተ
ሰተኹኳ ኣይሓምምን እየ።





# ቅጽል

## መላመዲ

ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ተመልከት እሞ ብዝመስለካ ግለጾ።

ንኣብነት፥ እቲ ኸልቢ ነግራም ኢዩ።

1. እታ ድሙ.................................................
2. እቲ ዋና ኸልቢ ...............................................
3. እቲ ናይ ኣጋር መገዲ (ማርሻበዲ)..........................
4. እቲ ስጋ...................................................
5. እቲ ሰንስለት....................................................
6. እቲ ዋና ኸልቢ ..............................ኢዩ።
7. እታ ድሙ .......................................ኢያ።
8. እቲ ኸልቢ........................................ኢዩ።
9 እቲ ስጋ.............................................ኢዩ።
10. እቲ መገዲኣጋር...............................ኢዩ።



# ቅጽል

## ናይ ዋንነት ቅጽል

እዚ መጽሓፍ ኢዩ። እዚ መጽሓፈይ ኢዩ።

ንሳ ከልቢ ኣሎዋ። እዚ ከልባ ኢዩ።

ንሳቶም ከልቢ ኣለዎም። እዚ ከልቦም ኢዩ።

ንሕና ገዛ ኣሎና። እዚ ገዛና ኢዩ።

ንስኺ ገንዘብ ኣሎኪ። እዚ ገንዘብኪ ኢዩ።




ንሳተን ማኪና ኣለወን። እዚኣ ማኪናአን ኢያ።

ንሱ ብሺግለታ ኣለዎ። እዚኣ ብሽግለታኡ ኢያ።

ንስኻ ርሳስ ኣሎካ። እዚ ርሳስካ ኢዩ።

ንስኻትኩም ኮምፒተር ኣሎኩም። እዚኣ ኮምፒተርኩም ኢያ።

ንስኻትክን ክሸነ ኣሎክን። እዚ ክሸነኽን ኢዩ።






# ዓረፍተነገር

ዓረፍተነገር ብበዓልቤትን ግስን ተሰሓብን ዝቖመ ምሉእ ሓሳባት ኢዩ። በዘን ሰለስተ ዘይቆመ ሓሳብ፡ ምሉእ ኪብሃል ኣይክእልን። ጎደሎ ምስ ዚኸውን ሓረግ ይብሃል።

## ዑስማን ኣንበሳ ቀቲሉ።

ዑስማን = በዓልቤት (ኑቲ ነገር ዚፍጽሞ)

ኣንበሳ = ተሰሓቢ (እቲ ነገር ኣብ ልዕሊኡ ይፍጸም)

ቀቲሉ = ግስ (ኑቲ ነገር ከም ዚፍጸም ዚገብሮ)

ይኹንምበር ኩሉ ምሉእ ሓሳባት በዓልቤት ዘድልዮ ኣይኮነን።

1. ኣንበሳ ቀቲለ
2. መጽሓፍ ኣንቢባ
3. ማይ ሰትዮም ወዘተ. .

ኣብ ቍጽሪ 1. ኣነ ዚብል በዓልቤት ጎዲሉ ኣሎ፡ ግን ዘድሊ ኣይኮነን።

ኣብ ቍጽሪ 2. ንሳ ዚብል በዓልቤት ጎዲሉ ኣሎ፡ ግን ኣየድልን።

ኣብ ቍጽሪ 3. ንሳቶም ዚብል በዓልቤት ጎዲሉ ኣሎ። ግን ኣየድልን።

ሓደ ሓሳብ ግስ ብምጕዳል ይኹን ወይ ብኻልእ ምኽንያት ሓሳብ ዘይዓኣጹ ምስ ዚኸውን ኣብ ክንዲ ዓረፍተነገር፡ ሓረግ ኢዩ ዚኸውን።

ንኣብነት፥

እናበልዐ

ኪኸይድ ከሎ

ስለ ዘይመጸ

እንተ መጺኣም

ብዘይ ምኽንያት ወዘተ.....

# ግስ

## መላመዲ

### ነቲ ባዶ ቦታ ብቅኑዕ ቃላት ምልኣዮ፥

1. ዮናስ ገንዘብ ሰሪቑ። እቲ ገንዘብ ብዮናስ..............
2. ፎዝያ ነቲ መጽሓፍ መሊሳቶ። እቲ መጽሓፍ ብፎዝያ ...............
3. ያቆብ ነቲ ግራት ረጊጹዎ። እቲ ግራት ብያቆብ ..............
4. ኣነ ንጉስ እንተ ዝኸውን ንብዙሓት እሱራት .........................
5. ብዙሕ ገንዘብ እንተ ዚህሉዋ፡ ላኣንድክሩዘር ...................

### ነቲ ኣብ ዓምዲ (ሀ) ዘሎ ምስቲ ኣብ ዓምዲ (ለ) ዘሎ ኣዛምዶ፥

ዓምዲ ሀ.

ሀ. ነቲ መግቢ ገለ ከይኣትረፈ ወዲኡዎ

ለ. ኣነ እየ ንዮሴፍ ከም ዚእሰር ገይረዮ

ሐ. ነቲ ስራሕ ደጋጊሙ ጸዪቑዎ

መ. ጀማል ንሓውቱ “ እንተ ዘይኣጽናዕኪ ክትተርፊ ኢኺ” ኢሉዋ

ሰ. “ደቅስ” ኢለ ምስ ለመንኩዎ ደቂሱ

ዓምዲ ለ.

1. ጸያዪቑዎ
2. ጀማል ንሓውቱ እንተ ዘይኣጽኒዓ ከም እትተርፍ ነጊሩዋ
3. ኣነ እየ ንዮሴፍ ኣእሲረዮ
4. ኪድቅስ ምስ ለመንኩዎ ደቂሱ
5. በላሊዑዎ

### ነቲ ተሳጋሪ ግስ ኣስምረሉ፥

ሓሚሙ፡ ደቂሱ፡ ሰትዩ፡ በሊዐ፡ ወሲዱ፡ ደኺሙ፡ በኸየ፡ ርእየ፡ ረሲኑ፡ ቀቲሉ፡ ሂቡ፡ ከይዱ፡ ወጺኡ፡ ሰሪቑ።



# ቅጽል

እቲ ኣብ መጠረስታ ናይቲ ስም ብቡናዊ ተጻሒፉ ዘሎ ቃል፡ ንሱ ናይ ዋንነት ቅጽል ኢዩ። ምስ ስም ለጊቡ ወይ ከኣ ነቲ ነቲ ናይ ስም መወዳእታ ፊደል ብምጥዋይ ዋንነት ይገልጽ።

ንኣብነት፥

ከልባ ማለት ናታ ኸልቢ ማለት ኢዩ። እቲ ከልቢ ዚብል ቃል መጠረስታ ፊደሉ ብምልዋጥ፡ እቲ ቢ ናብ ባ ተለዊጡ ከም ዘሎ ተመልከት።

ኣብቲ ‘እዚ ክሸነኽን ኢዩ’ ዚብል ዓረፍተነገር ግን፡ እቲ ክሸነ ዚብል ቃል ኽን ዚብላ ፊደላት ኢዩ ተለቂቡዎ ዘሎ።

## መላማዲ

### ነዚ ኣብነት’ዚ ተኸቲልካ ስራሕ፥

ናይ እንዳ’ቦይ ተኸሉ ማኪና ዓባይ ኢያ። ማኪናኣም ዓባይ ኢያ።

እታ ዝዓደካያ ርሳስ ተሰቢራ። ..........................................

ንሳቶም ዝተኻረዩዋ ገዛ ፈሪሳ። .........................................

ናይ ኣደይ ውባ ስዋ ጥዑም ኢዩ። ....................................

ናይ ኤርትራ መሬት ብዙሕ ማዕድን ኣለዎ።..................................

ናይ ገዛኹም ቅጫ ጥዑም ኢዩ። ....................................

እታ ዝዓደገታ ማኪና ኣበይ ኣላ?....................................

እዚኣ ናይ ኩሉና ኢያ። ......................................

# ቅጽል

## ኣመልካቲ ቅጽል (demonstrative adjective).

ኣመልካቲ ቅጽል ከም ኣመልካቲ ተውላጠስም ኮይኑ ግን ቅድሚ ስም ኢዩ ዚስራዕ።

| ኣብ ቀረባ ንዘሎ | ኣብ ርሑቕ ንዘሎ |
|---|---|
| እዚ ሰብኣይ | እቲ ሰብኣይ |
| እዛ ሰበይቲ | እታ ሰበይቲ |
| እዛ ቖልዓ | እታ ቖልዓ |
| እዘን ኣዋልድ | እተን ኣዋልድ |
| እዞም ኣወዳት | እቶም ኣወዳት |

ከም ሕጊ ግን እቲ እዚ ወይ እቲ....... ኣብ መወዳእታ ናይቲ ስም ይድገም ኢዩ።

ንኣብነት፥ እዚ ሰብኣይ እዚ ወይ እዚ ሰብኣይ'ዚ ። እቲ ወዲ እቲ። እታ ጓል እቲኣ። እተን ኣዋልድ እቲኣተን። እቶም ኣወዳት እቲኣቶም። እዘን መጻሕፍቲ እዚአን.......



እዛ ጓል እዚኣ
ሓፋር ኢያ



እዚ ወድ'ዚ
ጀህረኛ ይመስል



# ግስ

## ተደጋጋሚ ግስ

ተደጋጋሚ ግን ንሓደ ተግባር ደጋጊምካ ወይ ገለ ከየጕደልካ ከም ዝፈጸምካዮ ይገልጽ። ከምኡ'ውን ኣስራሒ ኮይኑ ተድጋጋሚ'ውን ኣሎ" ንኣብነት፥

| ምዱብ ግስ | ተደጋጋሚ |
|---|---|
| ሓወሰ | ሓዋወሰ |
| ሰተየ | ሰታተየ |
| በሊዐ | በላሊዐ |
| ኰስተረ | ኰሳተረ |
| ቆረሰ | ቆራረሰ |

| ምዱብ ግስ | ኣስራሒ ተደጋጋሚ |
|---|---|
| ቀተለ | ኣቃተለ/ኣቀታተለ |
| ከፈለ | ኣካፈለ/ኣከፋፈለ |
| ሰገረ | ኣስገረ/ኣሰጋገረ |

## በለ ዚወስድ ወይ ዚደሊ ግስ

ኣዚ ግስ'ዚ፡ ግሰ ደለዩ ኪብሃልውን ይኽእል ኢዩ። ንሱ ብ ሳድስ ፊደላት ጥራይ ኢዩ ዚቐውም፡ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ምቕልጣፍ ኩነታት የመልክት ኢዩ፥

ስትይ ኣበለ (ሰተየ ማለት ኢዩ)

ብልዕ ኣበለ (በልዐ ማለት ኢዩ)

ስዕም ኣበለ  (ሰዓመ ማለት ኢዩ)

ድርዝ ኣበለ(ደረዘ ማለት ኢዩ)

ቅንጥው ኣበለ (ቀንጠወ ማለት ኢዩ) ወዝተ.....

# ግስ

ኣነ ገንዘብ የብለይን። ማኪና’ውን የብለይን።

<u>ኩነታዊ፥</u> ኣነ ገንዘብ እንተ ዚህልወኒ፡ ማኪና ምዓደግኩ።

ኣነ ዑፍ ኣይኮንኩን። ኣብ ቤትማእሰርቲ እነብር ኣሎኹ

<u>ኩነታዊ፥</u> ኣነ ዑፍ እንተ ዝኸውን፡ በሪረ ካብዚ መልገስኩ።

## ኣስራሒ ግስ

| ሰራሒ | ኣስራሒ |
|---|---|
| ኣነ በሊዐ | ኣነ ኣብሊዐ |
| ንሳ ሰትያ | ንሳ ኣስቲያ |
| ንሱ ቐቲሉ | ንሱ ኣቕቲሉ |
| ንሕና ሒዝና | ንሕና ኣትሒዝና |

ኣብሊዑ፡ ኣስቲዩ ...... ክንብል ከሎና፡ እቲ ተግባር ዚፍጽም ዘሎ ንሱ ዘይኮነስ ካልእ ሰብ ኢዩ ማለትና ኢዩ። ንሱ ግን ከም ጠንቂ ኮይኑ ኣሎ ማለት’ዩ። ነቲ ነገር ኣብ ክንዲ ባዕሉ ዚገብሮ፡ ካልእ ሰብ ከም ዚገብሮ ይገብር ኣሎ ማለት ኢዩ።






# ቅጽል

## ናይ ደረጃን ምውድዳርን ቅጽል (comparative adjective)

ጽቡቕ ...ዝጸበቐ....ኣዚዩ ዝጸበቐ

ቅጽል ደረጃታት ኣለዎ። ንነገራት እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ይጽብቕ ክንብል ከሎና ነዋዳድር ኢና ዘሎና። ስለዚ ዝጸበቐ....ኣዚዩ ዝጸበቐ እናበልና ደረጃታት ንገልጽ።

<u>ንደረጃታት፥</u>

ኣስቴር ጽብቕቲ ኢያ።

ኣልማዝ ኣብቲ ቤትትምሃቲ እታ ዝጸበቐት ኢያ።

ዮርዳኖስ ኣብቲ ቤትትምህርቲ እታ ኣዚያ ዝጸበቐት ኢያ።

ከምኡ’ውን፥

ሃይለ ሃብታም ኢዩ።

ዳኒኤል ኣብቲ ዓዲ እቲ ዝሃብተመ ኢዩ።

ዮናስ ኣብቲ ዓዲ እቲ ኣዚዩ ዝሃብተመ ኢዩ።

ኣብ ምውድዳር፡ ቅሩብ....ኣጸቢቑ....ኣዚዩ....ኣዐሪዩ...ዚብላ ቃላት እውን ነዘውትር ኢና።



ኣምለሰት ነዋሕ ኢያ
ለምለም ካብ ኣምለሰት ቅሩብ ትነውሕ
ሰሎሞን ካብ ክልቲኣተን ኣጸቢቑ ይነውሕ

# ቅጽል

ከምኡ\ውን፥

ኣዚዩ ኣመና፡ ብዘይ መጠን.....ዚብላ ቃላት ብምጥቃም ደረጃታት ክንገልጽ ንኽእል።

ኣንበሳ ሓያል ኢዩ።

ድቢ ኣመና ሓያል ኢዩ።

ሓርማዝ ብዘይ መጠን ሓያል ኢያ።

ንምውድዳር፥

ኣስቴር ካብ ኣልማዝ ትጽብቕ።

ማርታ ካብ ኣልማዝ ዝያዳ ትጽብቕ።

ፋይዛ ካብ ኩለን ዝጸበቐት ኢያ።

## መላማዲ

ብዝመስለካ መገዲ ኣወዳድር ወይ ደረጃታት ኣርእይ፥

ንኣብነት፥ ኣበባ.....ሓጺር......ትርሓስ።

ኣበባ ካብ ትርሓስ ቅሩብ ትሓጽር። ኣበባ ካብ ትርሓስ ኣዚያ ትሓጽር።

1. ጸዮን.....ቀጣን.....ሓያት

.........................................................

2. ጺጋ.....ረጓድ....ሰዊት

................................................

3. ኣንበሳ.......ጨካን.......ነብሪ

...................................................

4. ዓካት....ተሪር.....ለሚን

................................................................

5. ወርቂ......ክቡር........ብሩርን ነሓስን

.........................................................................



# ግስ

ስለዚ፥ ቀተለ = ተሳጋሪ ግስ

ከደ = ዘይሳገር ግስ

ኣነ ስጋ በሊዐ = ተሳጋሪ ግስ (ነቲ ስጋ ኣብ ከብደይ ከም ዚኣቱ ገይረዮ)

ኣነ ሓሚመ = ዘይሳገር ግስ (ንርእሰይ እየ ሓሚመ እምበር ንኻልእ ኣየሕመኩን)

## ቀጥታዊ/ዘይቀጥታዊ (direct and indirect speech)

ቀጥታዊ፥ ዳኒኤል “እዛ ማኪና ናተይ ኣይኮነትን” ኢሉ።

ዘይቀጥታዊ፥ ዳኒኤል እታ ማኪና ናቱ ከም ዘይኮነት ሓቢሩ።

ቀጥታዊ፥ ሓያት “ኣደይ ኣበይ ከይዳ?” ኢላ ሓቲታ።

ዘይቀጥታዊ፥ ሓያት ኣዲኣ ናበይ ከም ዝኸደት ክትፈልጥ ደሊያ።

## ኩነታዊ/ድሌታዊ (conditional)

ንሱ ለባም ኣይኮነን። ገንዘቡ ሓሺሹ ወዲኡዎ።

ኩነታዊ፥ ንሱ ለባም እንተ ዚነብር ገንዘቡ ሓሺሹ ኣይምወደኦን።



# ግስ

## ዓይነታት ግስ

ብዙሕ ዓይነታት ግስ ኣሎ።

ልኡም፡ ንጡፍ። ተሳጋሪ፡ ዘይሳገር። ቀጥታዊ፡ ዘይቀጥታዊ። ኩነታዊ ወዘተ.....

እስከ በብሓደ ንርአዮ።

## ንጡፍ/ልኡም (active/passive)

| ንጡፍ | ልኡም (ዘይንጡፍ) |
|---|---|
| ኣነ ቐቲለ | ኣነ ተቐቲለ |
| ንሱ ስዒሩ | ንቱ ተሳዒሩ |
| ንሳ መሪጻ | ንሳ ተመሪጻ |
| ንስኺ ጽሒፍኪ | ንስኺ ተጻሒፍኪ |
| ንሕና ርኢና | ንሕና ተራኢና |




## ተሳጋሪ/ዘይሳገር (transitive/intransitive)

ሀ. ኻልድ ኣንበሳ ቀቲሉ

ለ. ኻልድ ናብ ቤትትምህርቲ ኸይዱ

ኣብ ሀ) ናይ ኻልድ ተግባር ነቲ ኣንበሳ ከም ዚመውት ገርዩሩዎ ኣሎ።
ኣብ (ለ) ግን ኻልድ ናብ ቤትትምህርቲ ብምኻድ ነቲ ቤትትምህርቲ ምንም ለውጢ ኣየምጸኣሉ።



# ግስ

ግስ (verb) ናይ ሓደ ነገር ምንቅስቓስ ወይ ተግባር ክንገልጽ ከሎና እነዘውትሮ ቃል ኢዩ። ንኣብነት፥ በልዐ፡ ሰተየ፡ ከደ፡ ተማህረ፡ መሃረ፡ ኣንበበ......

ኩሉ ዚግበር ወይ ዚፍጸም ነገራት ናይ ዝሓለፈ ወይ ናይ ሕጂ ወይ ናይ ዚመጽእ ኪኸውን ይኽእል።

እስከ ብ **በልዐ** ጌርና ከመይ ከም ዚረብሕ ንመልከት፥

| ኩሉ ግዜ (ወይ ህልዊ) | ናይ ዝሓለፈ (ወይ ሕሉፍ) |
|---|---|
| ኣነ እበልዕ | ኣነ በሊዐ |
| ንስኻ ትበልዕ | ንስኻ በሊዕካ |
| ንስኺ ትበልዒ | ንስኺ በሊዕኪ |
| ንሱ ይበልዕ | ንሱ በሊዑ |
| ንሳ ትበልዕ | ንሳ በሊዓ |
| ንሕና ንበልዕ | ንሕና በሊዕና |
| ንስኻትኩም ትበልዑ | ንስኻትኩም በሊዕኩም |
| ንስኻትክን ትበልዓ | ንስኻትክን በሊዕክን |
| ንሳተን ይበልዓ | ንሳተን በሊዐን |
| ንሳቶም ይበልዑ | ንሳቶም በሊዖም |



# ግስ

<u>ናይ ዚመጽእ (ወይ መጻኢ)</u>

| | |
|---|---|
| እነ ክበልዕ እየ | ንሕና ክንበልዕ ኢና |
| ንስኻ ክትበልዕ ኢኻ | ንስኻትኩም ክትበልዑ ኢኹም |
| ንስኺ ክትበልዒ ኢኺ | ንስኻትክን ክትበልዓ ኢኽን |
| ንሱ ኪበልዕ ኢዩ | ንሳቶም ኪበልዑ ኢዮም |
| ንሳ ክትበልዕ ኢያ | ንሳተን ኪበልዓ ኢየን |

## ቀጻልነት ንምግላጽ

ኣነ እደርፍ ኣለኹ



እዚ ሰብ’ዚ፡ ብ1990
ክሳዕ 2000 እውን
ይደርፍ ነይሩ

ሓደ ተግባር ሕጂ ዚፍጸም ኮይኑ ዚቕጽል ኪኸውን ይኽእል። ወይ ዝሓለፈ ኾይኑ ግን ዚቕጽል ዝነበረ ኪኸውን ይኽእል። ነዚ ተግባራት’ዚ ንምግላጽ፡ ኣሎ ወይ ነይሩ ዚብል ቃላት ነዘውትር።

ንኣብነት፥ እቲ ዋጣ ሕጂ ይደርፍ ኣሎ።

እቲ ዋጣ፡ ንእሽቶ ኸሎ’ውን ይደርፍ ነይሩ።



# ግስ

## መላመዲ

ኣብ ዓምዲ (ሀ) ተሰሚሩሉ ዘሎ ቃል ወይ ቃላት ምስቲ ኣብ ዓምዲ (ለ) ዘሎ ብሕንጻጽ ኣዛምዶ።

| | |
|---|---|
| 1. ንግስቲ <u>ትዛረብ ኣላ</u> | ትእዛዝ ኣሉታ |
| 2. <u>ዓሰርተ</u> ሳንቲም ኣሎኒ | ናይ ምንባር ግስ |
| 3. ካብ ናትካ <u>ናተይ</u> ይበልጽ | ህልዊ ቀጻሊ |
| 4. ኣነ መምህር <u>እየ</u>። | ቅጽል |
| 5. ንሳ <u>ትደርፍ ነይራ</u> | ናይ ምውናን ግስ |
| 6. ንሕና <u>ኣይኮንናን</u> | ህልዊ ቀጻሊ |
| 7. ኣይትዛረብ! | ተውላጠስም |
| 8. ንስኻ <u>ክትበልዕ ዲኻ</u>? | ምንባር ግስ ኣሉታ |
| 9. ኣቦይ ብዙሕ ገንዘብ <u>ኣለዎ</u> | ናይ ምህላው ግስ |
| 10. ሓወይ ኣብዚ <u>ኣሎ</u> | መጻኢ ግስ ሕቶ |

## ነቲ ባዶ ቦታ ብዚሰማማዕ ቃል ምልኣዮ፥

1. ኣነ ንዓመታ ንኣስመራ ..............................
2. ቀደም ብዙሕ ገንዘብ...........ሎሚ ዓመት ግን ብፍጹም............
3. ስለምንታይ ..................እናበልኩኻ ትበልዕ ኣሎኻ?
4. ዘይ..............ገንዘብ ኣይተልዕል!
5. መን ኢኻ? ኣነ ...........። ኣሎኻ’ዶ? እወ.................
6. ...............ተመን ርኢኻ ትፈልጥዶ?
7. እዚ መጽሓፍ’....... ናትካ ኣይኮነን!
8. ኣስቴር ካብ ዮርዳኖስ ............ትጽብቕ። ግን ካብ ፋይዛ .......ትሓጽር።

# ግስ

## ናይ ምውናን ግስ ኣሉታ

| | |
|---|---|
| ኣነ የብለይን | ንሕና የብልናን |
| ንስኻ የብልካን | ንስኻትኩም የብልኩምን |
| ንስኺ የብልክን | ንስኻትክን የብልክንን |
| ንሱ የብሉን | ንሳቶም የብሎምን |
| ንሳ የብላን | ንሳተን የብለንን |

## ናይ ምህላውን ምንባርን ግስ ሕሉፍ

| | |
|---|---|
| ኣነ ነይረ | ንሕና ኔርና |
| ንስኻ ኔርካ | ንስኻትኩም ኔርኩም |
| ንስኺ ኔርኪ | ንስኻትክን ኔርክን |
| ንሱ ነይሩ | ንሳቶም ነይሮም |
| ንሳ ነይራ | ንሳተን ነይረን |

## ናይ ምውናን ግስ ሕሉፍ

| | |
|---|---|
| ኣነ ነይሩኒ | ንሕና ነይሩና |
| ንስኻ ነይሩካ | ንስኻትኩም ነይሩኩም |
| ንስኺ ነይሩኪ | ንስኻትክን ነይሩክን |
| ንሱ ነይሩዎ | ንሳቶም ነይሩዎም |
| ንሳ ነይሩዋ | ንሳተን ነይሩወን |

t



# ግስ

## ትእዛዝ

ብላዕ! ስተ! ጕየ! ኪድ! ምጻእ! ጸሓፍ! ... ናይ ትእዛዝ ግስ ኢዩ።

## ሕቶ

በሊዕካ'ዶ? ሰቲኻ'ዶ? ከድካ'ዶ? መጺእካ'ዶ? ጽሒፍካ'ዶ? ......ናይ ሕቶ ግስ ኢዩ።

## ኣሉታ

ኣይበላዕኩን። ኣይሰተኹን። ኣይጐየኹን። ኣይከድኩን። ኣይመጻእኩን። ኣይጸሓፍኩን......ናይ ኣሉታ ግስ ኢዩ።






# ግስ

## ትእዛዝ ኣሉታ

| | |
|---|---|
| ኪድ! .......... | ከይትኸይድ! ኣይትኺድ! |
| ብላዕ! ......... | ከይትበልዕ! ኣይትብላዕ! |
| ስተዩ! ....... | ከይትሰትዩ! ኣይትስተዩ! |
| ሕረሱ! ....... | ከይትሓርሱ! ኣይትሕረሱ! |
| ዓድጋ! ....... | ከይትዕድጋ! ኣይትዓድጋ! |

## ናይ ምህላው ግስ

| | |
|---|---|
| ኣነ ኣለኹ | ንሕና ኣለና |
| ንስኻ ኣለኻ | ንስኻትኩም ኣለኹም |
| ንስኺ ኣለኺ | ንስኻትክን ኣለኽን |
| ንሱ ኣሎ | ንሳቶም ኣለዉ |
| ንሳ ኣላ | ንሳተን ኣለዋ |



ኣነ ተመሃሪት እየ። መጽሓፍ ኣሎኒ። ኣነ በይነይ ኣብዚ ኣለኹ። ሓወይ ግን ምሳይ የለን።

## ናይ ምህላው ግስ ኣሉታ

| | |
|---|---|
| ኣነ የለኹን | ንሕና የለናን |
| ንስኻ የለኻን | ንስኻትኩም የለኹምን |
| ንስኺ የለኽን | ንስኻትክን የለኽንን |
| ንሱ የሎን | ንሳቶም የለዉን |
| ንሳ የላን | ንሳተን የለዋን |






# ግስ

## ናይ ምንባር ግስ

| | |
|---|---|
| ኣነ እየ | ንሕና ኢና |
| ንስኻ ኢኻ | ንስኻትኩም ኢኹም |
| ንስኺ ኢኺ | ንስኻትክን ኢኽን |
| ንሱ ኢዩ | ንሳቶም ኢዮም |
| ንሳ ኢያ | ንሳተን ኢየን |

## ናይ ምንባር ግስ ኣሉታ

| | |
|---|---|
| ኣነ ኣይኮንኩን | ንሕና ኣይኮንናን |
| ንስኻ ኣይኮንካን | ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን |
| ንስኺ ኣይኮንክን | ንስኻትክን ኣይኮንክንን |
| ንሱ ኣይኮነን | ንሳቶም ኣይኮኑን |
| ንሳ ኣይኮነትን | ንሳተን ኣይኮናን |

## ናይ ምውናን ግስ

| | |
|---|---|
| ኣነ ኣለኒ | ንሕና ኣሎንና |
| ንስኻ ኣለካ | ንስኻትኩም ኣለኩም |
| ንስኺ ኣለኪ | ንስኻትክን ኣለክን |
| ንሱ ኣለዎ | ንሳቶም ኣለዎም |
| ንሳ ኣሎዋ | ንሳተን ኣለወን |

